# ባሕቲ መሰከረም ዳግማይ መብጹዓ ንኣትወላ ዕለት እያ

ሓጎሰ- ዓዲ እንግሊዝ

ባሕቲ መስከረም ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓብይ ታሪክ ዘለዋ እናተዘከረት ትነብር መዓልቲ እያ:: እዛ መዓልቲ እዚኣ ግን ካብቲ ካልእኦት መዓልትታት ፍልይ ዘብላ ነገር እንተሎ ህዝቢ ኤርትራ ንመግዛእቲ ካብ ኤርትራ ሓግሒጉ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእን መሰል ዜጋታት ዝኸበረላ ሓንቲ ኤርትራ ንምምስራትን ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረላ ዕለት እያ::

ህዚቢ ኤርትራ ነዛ ነጻነት ንምርካብ ኣብ ወርሒ መሰከረም ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ክሓልፉ ዝግብኦ መሰገደልን መሰዋእትን ፍሉጥን ከቢድን ከምዝኸውን ኣብቲ እዋን እናፈለጠ ዝጀመሮ ጉዳይ እዩ:: የግዳስ እቲ መስዋእቲ ዕላምኡ ራህዋን ሰላምን ዝሰፈና ኤርትራ ንምቛምን መሰል ዜጋታት ዝኸበረላ ሃገር ኣብ ምፍጣርን ሓራ ሃገር ናይ ምውናን ባህጊ ስለ ዝነበሮ እዩ:: እዛ ፋላሚት ሰውራ ዝኸነት ብረታዊ ቃልሲ ካብ ዝጀመረትሉ ዕለት ግን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን እታ ዝፈትውዋ ሕይወቶም በጅዮሙላ ተሰዊኦሙላ ኣሽሓት ድማ ሰንኪሎሙላ፣ ብኣማኢት ኣሽሓት ድማ ንብረቶምን ዓደሙን ገዲፎም ኣብ ሰደት ከርፋሕ ህይወት ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝኸውን የሕሊፎም:: ካብ ናይ ቀረባ ግዜ ተዘክሮ ኣብ 1990 ባጹዕ ሓራ ኣብ ዝኾነትሉ ንሙሉእ ዓለም ዘስደመመ ባርባራዊ ናይ ኣየር ደብዳብ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ባጹዕ ዝተኸየደ ምእንቲ ናጹነት ካብ ህዝብና ዝኸፈሎም መስዋእትታት ሓደ ታሪኽ እዩ::

ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ኣብ ርእሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጻዒኑ ዝጸንሓ መግዛእታዊ ዘበናት ንኸብቅዕ ኣብ ባሕቲ መሰከረም 19961 ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1991 ኣብቅዓ:: በዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጫፍ ሰጋብ ጫፍ ኣብ ውሽጥን ደገን ብታሕጋስን ጋይላን ሓጎሱ ንዓለም ኣስምዓን ኣርኣየን፣ ህዝቢ ብሓደ ሸነኽ ሃገር ኣውሒሱ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ወረ ወግእን ወዲ ውግእን ኣብቂዑ ዳግም ከም ኩሉ ዓለሙ መሰል ወዲ ሰብ ተኸቢሩ ኣብ ስደት ዘሎ ወገኑ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ዝተበታተና ስድራ ቤታት ድማ መሊሰን ክተኣኻኸባን፣ ዝዘኸተሙ ቆልዑ ድማ ክእለዩ፣ ኤርትራ ካብቲ ዝሓለፈቶ ከቢድ መሰዋእቲ ንጎረባብታ ዓባይ ኣብነት ናይ ሰላምን ቅሳነትን ክትከውን ኩሉ ዜጋ ተተሰፈዩ:: ንዳግመ ህንጻት ሃገር ድማ ኩሉ ዝዓቕሙ ኣበርኪቱ:: ብኣሽሓት ድማ ካብ ሰደት ናብ ሃገር ተመሊሶም:: ህዚቢ ኤርትራ መርኣያ ታሕጋሱን ደሙ ዘፍሰሰሉን ድማ ነቲ ዝተዳለወ ሃገር ሕጋውነት ናይ ምልባስ ረፈረንደም ብ 99.805% ድምጺ ነጻነቱ ኣረጋጊጹ::

እነተኸነ ሰውራዊ ባርዕ ነጻነትን ቅሳነትን ጥራሕ ዘይኮነ ዝፈጥርሲ ኣብ ውሽጡ ድማ ዳንደ ናይ ምብቃል ተኽእሎ ስለዘለዎ እዞም ሕጁ ንህዝቢ ኤርትራ ዘንብዕዎ ዘለው ውልቃዊ ረብሓታቶም ብደም ህዝቢ ኤርትራ ዝዕቅቡ ህግደፋዉያንውን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝበቖሉ ጉልሒንጣይ እዮም:: ህዝቢ ኤርትራ ካብ 1994 ጉባኤ ናቕፋ ተባሂሉ ንህግደፍ ብወግዒ ዝመስረተሉ ዝተጋብኣ ኣኺባ ጀሚሩ ስጋብ እዛ ዕለት እዚኣ ድማ ካብ መግዛእቲ ቱርኪ ዝኸፍእ ሕሱም መነባበሮ ይደፍእ ኣሎ:: እዞም ኣብ ስልጣን ዘለው ዑሱባት ኩናት ከም መቐጸልታ ናይ ስልጣን መጻንሒ ጊሮሞ ዓመት መጸ ካብታ ሓንቲ ሃገር ናብታ ሓንቲ ሃገር ክወጣወጡ ህዝቢ ኤርትራ እቶም ዝፈትዎም ደቁ

ንድራር ዓረር ንክ`ቕርብ ብስም ሃገር እናመሓለ እናጠሓለ ንሞትን ስደትን ድኽነትን ጥሚትን ከም ኣካሉ ንኽቕበሎም ተገዲዱ ብምረት ንኽነብር ጊረሞ ኣለው:: ሎሚ ሃገር ናብ ፍጹም ወተሃደራዊ ኣገዛዝኣ ተቐይራ ካብ ዓለም ተነጺላ ኣብ ዘገምታዊ ሞት ትርከብ ኣላ:: ሃገር ብጅምላ ናብ ቤት ማእሰርቲ ተቐይራ ሎሚ ኣብያተ ትምህርቲ መመልመሊ ወተሃደራት፤ መንእሰያት ብስም ሃገር ምክልኻል ብጅሆ ተታሒዞም ኣብ ግዱድ ባርነታዊ ወፍሪ ብዝብል ስም ኣገልገልቲ ውልቀሰባት ኮይኖም ወላዲ ጠዋሪ ስኢኑ ግራውቲ ቃዲሩ መሬት ዓድታት መኻዕበቲ ዶላራት ተቐይሩ ሃገር ትርመስ ኣላ:: ሎሚ ዓለም ብዓለሙ ብሙሉኡ ዝፈልጦ ኤርትራዊ መንእሰይ ሃገር እናገደፈ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ሓሊፉ ኣብቲ ዘይፈልጦ ኣጻምእ ሳህራን ውቅያኖሳትን ግዳይ ኮይኑ ካልኦት ብዓሰርተታት ኣሸሓት ድማ ኣብ ፈቐዱ ሃገራት ኣብ ስቓይን ሽግርን ይርከቡ ኣለው:: እዚኦም እቶም ዕድል ረኺቦም ካብቲ ሕሱም ናብራ ከምልጡ ዝኸኣሉ ኮይኖም እቶም ከይወጹ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ድማ ኣብ ትሕቲ መሬት ተሓይሮም ዝርከቡ ኣሸሓት ዜጋታት ድማ ግዳያት ናይዚ ስርዓት ኮይኖም ኣለው::

ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ወርሒ መስከረም 1961 ክጅመር ከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ንምንጋፍን መሰሎ ዝተኸብረለ ዜጋ ናይ ምፍጣር እንበር መላእ ሃገር ናብ ቤት ማእሰርቲ ንምቕያር ሃገር በሰንኪ ልሙስ ፖሊሲታት ካብ ዓለም ንኽትንጸልን ጥሚትን ሕሰምን ሕማምን ዘስፋሕፍሓላ ሃገር ንምፍጣር ኣይነበረን:: እንተ እዞም ቁሩባት ሰባት ኣብቲ ብረታዊ ቃልሲ ነብሶም ካብ መሰዋእቲ ዓቂቦም ብደም ብሉጻት ደቂ ሃገር ስልጣን ክሕዙ ኣድብዮም ድሕሪ ምጹናሕ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ይርምሰዎ ኣለው::

ህዝቢ ኤርትራ መብጹዓ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ወርሓ መስከረም 1961 ዝተኣትዎ ተጠሊሙ እምበር ከምዘይተወደኣ ፈሊጡ ነቶም ኣብ ዝባኑ ተወጢሖም ኣደዳ ስደትን ጥምየትን ሕማምን ኩናትን ጊረሞ ዘለው ህግደፋውያን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ያዕ ዝብለሉን ከምቶም ዝሓለፉ ገዛእታት ናብ መቓብር ዘውርደሉ ግዜ ሕጂ ምኻኑን ጸላኢኡ ብንጹር ፈሊጡ እዛ ባሕቲ መስከረም ንነብሱ መብጹዓ ዝኣትወላ ዕለት ክትከውን ኣለዋ::

ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ
29/08/2006